# ደቂ ኣንስትዮ መደበራት ማይ ዓይንን ሽመልባን፡
# ዝያዳ ናይ ኤርትራውያን ግብረ-ሰናይ ሓገዝ ይጠልባ

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
14.06.2009

ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኣብ ዝርከብ ናይ ስደተኛታት መደበራት ሽመልባን ማይ ዓይንን ዝቕመጣ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ እተን ናይ ቀረባ ይኹን ናይ ርሑቕ ኣላይ ዘይብለን፡ ካብ ኩሎም/ኩለን ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ/ዝነብራ ደቂ  ኤርትራ ህጹጽ ሓገዛት ከም ዘድልየን ብሓለፍቲ መደበር ስደተኛታትን ብበጻሕቲ እቲ መደበራትን ተሓቢሩ።

ናብ ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ዝበጽሐ ጸብጻብ ከም ዝጠቕሶ፡ እተን ኣብ መደበራት ስደተኛታት ሽመልባን ማይ ዓይንን ዝቕመጣ ደቂ ኣንስትዮ ኣዝዩ ክብ ዝበለ ጸገማት ከም ዘለወን፤ ግን ከኣ እቲ ዘጋጥመን ዘሎ ጸገማት ብተሓባባርነት ኣብ ወጻኢ ዝነብራ ኣሓተንን ኣሕዋተንን ክሽፈን ከም ዝከኣል እምነት ከንብራ ጀሚረን ኣለዋ።

ብፍላይ እቲ ካብ 22 ክሳብ 24 ግንቦት 2009 ናብ መደበር ስደተኛታት ማይ-ዓይኒን ሽመልባን ብብጸይቲ ሳባ ቀለታ እተገብረ ዑደትን እተዋህበ ምጡን ሓገዝን፣ ነቲ ኣብ ደቂ ሃገረን ዘለውን እምነት ክብ ከም ዘበለለን ተገሊጹ። ድሕሪቲ ናይ ብጸይቲ ሳባ ዑደት፡ ሓለፍቲ መደበር ስደተኛታት ከምዚ ዓይነት ሓገዛት ብኤርትራውያን ኣሕዋተንን ኣሓተንን ክግበረለን ህጹጽን ጠቓምን ምዃኑ ገሊጸም።

ተጋዳላይ መሓመድ ኣሰሎ፡ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ህዝብን ወኪል ክፍሊ ስርዒታዊ ጉዳያት ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ዝሃቦ ሓበረታ፡ ኣብ መደበራት ስደተኛታት ዝነብራ ደቂ ኣንስትዮ ከቢድ ጸገማት ከም ዘጓንፈንን፡ እቲ ኣብ ቀረባ እዋን ብብጸት ሳባ ቀለተን ገርጊሽ ነጋሽን እተዓደለ ሓገዛት ንብዙሓት ሞራል ከም ዝሃበን ጠቒሱ። ኣብ ጸብጻብ ተጋዳላይ መሓመድ ኣሰሎ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሽረ፡ እዚ ዝስዕብ ዝርዝር እውን ይርከቦ፡-

“ዕላማ ብጸይቲ ሳባ ንስደተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ዝኸውን ንብረት ሓገዝ ሒዛ ስለዝመጸት ነቲ ንብረት ንጽጉማት ኣብ መደበር ስደተኛታት ንዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ ንምዕዳል ኩይኑ፡ ብጽሑት ኣብ መደበር ማይ ዓይኒ ብዕለት 22/05/2009 ተኻይዱ። ዝርዝር ንጽጉማት ዝተባህላ ደቂ ኣንስትዮ ዝተዓደለ ሓገዝ፡-

1. ን313 ነብሰ-ጾር ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ - ናይ ውሽጢ ክዳን- ሳሙና-ሻምፖን፣ ነፍስ-ወከፈን ድማ፡ 50 ብር ኢትዮጵያ ብተወሳኺ ተዓዲለን።
2. ን91 ኣደታት (ቆልዑ ዘሎወን)፡ ሻምፖ፡ ሳሙና፡ ናይ ውሽጢ ክዳውንቲ (ረጂበቶ-ሙታንቲታትን ሞደስን)።
3. ብተወሳኺ ን340 ዝኾና መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ሞዴሳት ጥራሕ ተዋሂቡወን።

ምትሕብባር ሰበ-ስልጣናት ናይቲ መደበር ኣዝዩ ዝምስገን ነይሩ። ናይ ስደተኛታት ሕጋዊ ወኪል/protection officer፡ ኣቶ ረዳኢ፡ ነቲ ብጸይቲ ሳባ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ኣዝዩ ዘሕጉስን ዘሐብንን ተግባር ምዃኑ ገሊጹ። ዝያዳ መብርሂ ክህብ እንከሎ’ውን ኣብ ማይ ዓይኒ ምዝጉባት ስደተኛታት 8000 ከም ዝነበሩ፡ ሕጂ ግን ብእተፈላለየ ምኽንያት ናብ 6000 ወሪዱ ምህላዉ ገሊጹ። እቲ ስደተኛ መብዛሕትኡ መንእሰይ ኮይኑ ካብ 18-25 ዕድመ ዘለዎም ወተሃደር ነበር ከምዝኾኑን፡ ደቂ-ኣንስትዮ ውን ብብዝሒ ከምዘለዋ፡ መብዛሕትአን ከኣ ኣላዪ ዘይብለን ስለዝኾና ብሓፈሻኡ ብዙሕ ከምዝጽግማን

ከምዝሽገራን ሓቢሩ። ኩሎም ብጠቅላልኡ እቲ ስደተኛ ከም መንእሰይ መጠን ብስጭት ጭንቀት ዓቅሊ-ጽበት ከምዘለዎም ብተወሳኺ ኣብሪሁ።

ዑደት ብጸይቲ ሳባ ናብ መደበር ሽመልባ ብዕለት 23/05/2009 ተጀሚሩ። ንጽባሒቱ ዕለት 24 ግንቦት በዓል ናጽነት ብምንባሩ ከኣ ብደረጃ መዓስከር ተኸቢሩ ዊዒሉ። ብጸይቲ ሳብ ሽዑ መዓልቲ ንልዕሊ 40 ዝኾና ጽጉማት ዝተባህላ ደቂ-ኣንስትዮ ሓገዛት ብኢዳ ክትዕድለን ክኢላ። ብመዓልቲ በዓል ሓገዛት ክዕደል ስለዘይተኻእለ ግን መብዝሕትኡ ንብረት ናብ ሽማግለ ደቂ ኣንስትዮን ሓላፊት ደቂ ኣንስትዮ ዝኾነት ወኪል መደበርን ተመሓላሊፉ። ከም ኣድላይነቱ ከኣ ተዓዲሉ ናብ ሓያለይ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝበጽሕ ተገይሩ።" ይብል እቲ ጸብጻብ።